# ክቡር ተጋዳላይ ኣቦና ኣኪቶ
# ረቢ ይቐበልካ ደሓን እቶ

29-10-2011 ረደኢ ክፍለ (ባሻይ)

ጠላም የማን ጸጋም ክገላበጥ
ባይታ-ባይታ ክኸይድ በጠበጥ
ጅግና ሰብኣይ ኣልቦ ለበጥ-ለበጥ
ተዓንቂፎም ክወድቁ ብጸድፊ
ክታለሉ ብዘይጠቅም ደርፊ
ጉዳም ዕጥቂ ዘይትፍታሕ ቁልፊ

ርሒቑኒ ዘይብል መገሻ
በሪኹኒ ዘይብል ኮረሻ
ግንባር-ቀደም ዘይትቕየር ማርሻ
ኬድካ'ምብኣር ሕጅስ ተፋኒኻ
ኣንጸርጺሩ ሓያል ሕልናኻ
በዚሒ'ንድዩ መቓብር ደቕኻ

ኣንታ ተዋግኣይ በሊሕ ቀርኒ
ዝመጸ እንተመጸ ዘይዓጅበኒ
ንስኻዶ ንሓመድ ንእምኒ
ኣውዲኽካዮ ቀደም ዝጠለመ
ኣርኪብካሉ ታሪኽ ዝደገመ
ብኻ ምጸናሕካ ቀንጣጥ ግመ

ግዲ'ብልካን ብዙሕ ኣይትሰከፍ
ሓሊቑ'ዩ ሰራውር ናይ ህግደፍ
ሒደት'ዮም ዘለዉ ተረፍ-መረፍ
ኣይብከንዩ እንተሓለፈ ጅግና
ዘንጸርጸረ መንእሰይ ኣለና
ምሳር ኣቦታቱ ዝሕዘልና

ኣንታ በዓል ዕጥቂ ጥዑም ወረ
ምሉእ ክፍለ-ዘመን ዝገበረ
ክልተ-ምእቲ ዘይከውን ነበረ
ብዓል ሴፍ ጉራዴ ብዓል ካራ
እጅገ ዝሰብሰብ ንባንዴራ
ንሓንቲ ሃገሩ ንኤርትራ !!! ረድኢ ክፍለ (ባሻይ)